ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE
erit-alliance.com
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
التحالف الديمقراطي الارتري

# Press Release: Save the date, June 19

**By Eritrean Democratic Alliance North America Zone (EDA-NA Zone)**

It has now become obvious to all Eritreans in Diaspora that the present regime in Asmara is determined to dismantle everything positive that has made Eritrea and Eritreans a resilient law abiding and justice loving people. The damage on our society has reached the point if not reversed the very survival of our people and country itself is at stake.

It is high time that all Eritreans become proactive and make their opposition to this crime a widely organized public affair. There is nothing more direct and visible than organizing a widely attended public demonstration. All sectors of our Diaspora community have a national duty to pull together and make this happen.

To this end, EDA encourages all Eritreans in North America to start mobilizing and organizing their respective community to attend the Historic June 19, 2009 demonstration in Washington DC. Everyone who clearly understands the dire condition in Eritrean could not afford to miss this demonstration. It is time we stand up and defend our people.

We encourage all political organizations which are not members of EDA to take this historic event as a genuine vehicle of opportunity to fully participate in the June 19, 2009 protest march and help send a clear message of hope to the people of Eritrea. Please save June 19, 2009 and pledge to be in DC.

EDA believes the damages being done by the Eritrean Regime on Eritrea and the Eritrean people are too vast and too humongous to be left for chance and miracle to solve. It needs the conscious proactive participation of all of us in North America. This historic demonstration has to be the direct concern of all of us. Everybody's input is needed. All sectors of our community are encouraged to make a worthy effort to attend this event. Let us start organizing for the march!

EDA-North America Zone

April 10, 2009

http://www.erit-alliance.com/erit/

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE
erit-alliance.com
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
التحالف الديمقراطي الارتري

**ጋዜጣዊ መግለጺ፤ ንሰነ 19፤2009 ቖጸራ ሓዙ**

**ብኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዞባ ሰሜን ኣመሪካ (ኤዲኪ-ሰኣ)**

እዚ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ስርዓት ኩሉ ኤርትራን ኤርትራውያንን ዝውንንዎ ጽቡቕን ኣዎንታውን እንተላይ እቲ ምኽባር ሕግን ፍትሕን ተቐበልቲ ኣጓይሽን ፈቐርትን ዝኮነ መለለዩ ባህልና ከጥፍእን ከብርስን ዓጢቑ ከምዝተበገሰን ንኩሉ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጥ ኤርትራዊ ካብ ናይ ቐትሪ ብርሃን ጎሊሑ ከምዝተራእዮ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ።

እዚ ኣብ ሃገርና ኤርትራን ህዝባን ብመንግስቲ ሕግዲፍ ዝወርድ ዘሎ ኣደራዕ መዕገቲ እንተ ዘይተገቢሩሉ ህላወ ኤርትራን መንነት ህዝባን ንሓዋሩ ነበረ ያ ነበረ ዝኮነሉ ህሞት ተበጺሑ ኣሎ።

እዚ ብመንግስቲ ሕግዲፍ ኣብ ኤርትራውነት ዝወርድ ዘሎ ወንጀል ብኩሉ ኩርናዓት ዓለም ምቕላሑን ናይ ቕርዓት ምስጢር ምግባሩን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ሓላፍነት እዩ። ነዚ ክዉን ንምግባርን ኣብ መንግስቲ ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን ንምክሻሑ እውን ዓቢ ሰላማዊ ህዝባዊ ሰልፊ ምድላው ከድሊ እዩ። ነዚ ኩሉ ኤርትራዊ/ዊት ኣብ ወጻኢ ዝቕመጥ ጎስጓስ ክገብረሉን ምስ'ቲ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ህዝቢ ተጠርኒፉ ክሰርሕን ሃገራዊ ኤርትራዊ ሓላፍነቱ እዩ። ነዚ ቕዱስ ሃገራዊ ዕላማ ክዉን ንምግባር፤ ኤዲኪ-ሰኣ ንኩሎም ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ በብዝጥሞም ኣብ ዝቕመጥሉ ዘሎ ማሕበረሰብ ተወዲቦምን ተጠርኒፎምን ነዚ ታሪካዊ ዕለት ሰነ 19፤2009 ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ንሰፊሕን ገፊሕን ሰላማዊ ሰልፊ ክርከቡ ይጽውዕ። ኩሉ ኤርትራዊ ነዚ ቕዱስ ዕላማ ከይሓልፎ ካብ ሕጂ ኣትሒዙ ክዳለወሉን ክቕረበሉን ህዝቡ ኣብ ምድሓን ታሪኽ ክሰርሕን እውን ንላቦ። እዚ ግዜ'ዚ ኩሉ ኤርትራዊ ንመሰሉን ንሃገሩን ንመንነቱን ዝቓለሰሉ ህሞት እዩ። እዚ ግዜ'ዚ ነቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝግፍዕኡን ዝሞቱን ዝቕተሉን ዘለዉ ኤርትራውያን ኣጆኩም ኣሎናልኩም እንብለሉን ሕድሪን ለበዋን ስዉኣትና እነሕድሰሉ ህሞት እዩ።

ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባት ኣባላት ኤዲኪ ዘይኮኑ ክሳብ ሕጂ ዝገበርዎ ቓልሲ እንዳሞጎስና ሕጂ'ውን ኣብ'ዚ ታሪኻዊ ዕለት ተሳቲፎም ነዚ ሓባራዊ ቓልሲ ናህሪ ክህብዎን ተስፋ ህዝቦም ክኮኑን እውን ንጽውዕ።

**ስለ'ዚ ሰነ 19፤2009 ኣብ መዝገብ ካለንዳርኩም ክትዕቕብዋ ንላቦ።**

እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት በጋሚዶ ኣብ ህዝቢ ኤርትራን ህዝባን ኣውሪድዎ ዘሎን፤ ዘብጽሖ ዘሎ ዕንወትን ብርሰትን ገዚፍን ከቢድን ካብ ምኳኑ ዝተበገሰ ብዕድል ወይ እውን ብተኣምር ከም ገለ ፍታሕ ክርከብ ኢልካ ምጽባይ ኣይከኣልን እዩ፤ እንታይ ደኣ እጅግካ ሰብሲብካ ኣእምሮካ ስሒልካ ብንቕሓትን ብመደብን ናይ ኩሉ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ እንተላይ ካናዳ ዘሎ ህዝብና ተበግሶ ይጥለብ ኣሎ። እዚ ታሪኻዊ ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ኩሉ ብሃገሩን ህዝቡን ዝሓምም ኤርትራዊ/ዊት ቐጥታዊ ሓላፍነት እዩ። ናይ ኩሉ ሰብ፤ መንእሰያት፤ ኣደታት፤ ኣቦታት፤ምሁራት፤ዓበይቲ ዓዲ፤ ዝተጠርነፈን ዘይተጠርነፈን ሱታፌ ዘድልዮ እዩ።

ስለ'ዚ ሃየ፤ ሃየ፤ ተስፋ ህዝብናን ሃገርናን ብምኳን ሕድሪ ሰማእታትና ብተግባር ነርኢ፤ኣብ ልብናን ስራሕናን ህልዋት ንግበሮም። ን ቕዱስ ህዝባዊ ኤርትራዊ ሰላማዊ ሰልፊ ንሰነ 19፤ 2009 ካብ ሕጂ ንንቕሓሉ፤ ንዳሎ፤ ንጠርነፍ፤ ንውራይና ንተዓጠቕ።

ሕዲሪ ሰማእታትና ብተግባር ሕያው ክንገብሮ ኢና!

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዞባ ሰሜን ኣመሪካ

ሚያዝያ 10፤2009

http://www.erit-alliance.com/erit/